## *ቀልጢፍና ፍታሕ ንደለ*
## *ጉሒላ ስልቲ ከይቀየረ ክእለ*
## *ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
## *በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ደቂ ኤረይ ድሕሪ ጀነቫ ናበይ*
*ኣብ ቀይዲ ክኣትዉ እኒ ህበይ*
*ቁልፍና ኣይነዝልቕ ደቂ ሃገረይ..*
*ብናይ ደሊይቲ ፍትሒ ጸዊዒት*
*ኣብ ጀነቭ ህዝቢ ወጺኡ ብትብዓት*
*ሃገራዊ ተግባር ወስኺሉ ንስምዒት*
*ተወዲብካ ዩ ዝሳዓር ጃንዳ ኣራዊት..*
*ብኮንፓስ ኣመሪካ እንዳ ተመርሔ*
*ኣመሪካ ጸላኢትና እንዳ ጨረሐ*
*ተኣለ ቃልሲ ህዝቢ ዘማራሰሒ*
*ሰማዒ ረኺቡ ሎ ከእዊ ዝጸንሔ..*
*ካብ ባዓቲ ሳሕል ዓዲ ምስ ኣተወ*



*ብሳተሊት ኣመሪካ እንዳ ተሐለወ*
*መን ካማይ ኢሉ ከም ዝብኢ ዝነቀወ*
*ሰዓት ፍርድኻ ትቃራረብ ኣላ እወ..*
*ተኣለ ሉኡኽ ባዕዳዊያን ህግደፍ*
*ብሐገዝ ወያነ ኣመሪካ ዝነብር መንደፍ*
*ተፈሊጥካ ሎምስ ኣይትበል ዓዘፍዘፍ..*

ብህዝባዊ ማዕበል ክባሃል ዝወዓለ
ወኪል ኣምሐራ ዘመድ እኒ በቀለ
ብዘረባ ኣይኮነን ብሐይሊ እዩ ዝእለ
መርዚ ዝተፍእ ካብ ሞንጎና ይተኣለ..
ከም ቆፉኡ ዝተተንከፈ ንህቢ
ኣብ ድያስፖራ ኑኡስ ምስ ዓቢ
ተኣለ ተሳዒሉሎ ህዝባዊ ናዕቢ...
ደጊም ፍለጦ ሕልምኻ ከም ዝበነነ
ብደምና ተራጋጊጹ መሰል ርእሰ ውሳነ
ደቂ ኤረ ጻላኢና ኣይእለን ዩ ብኣነ ኣነ
ብኣነ ኣይረኤናን መድሕን ህዝቢ ዝኾነ..
ናይ ፍትሐዊያን ጥቕሲ
ኢሰያስ ቱ ኣይሲሲ
ጥንታዊ ሕላገትና መፍረሲ
ብስዉር ንህዝቢ ዘውሲ...
ሳዓብትኻ ኣንጉያም ፈሲሱ
ተኣለ ደጊም የሎን ንሕና ንሱ
ኣብ ድያስፖራ ዕርድኻ ፈሪሱ..
ህዝባዊ ማዕበል ጀኑቭ ደቂ ኤረ
ሰላማዊ ሰልፊ ንጉሒላ ነሩ ዕረ
ንደለይቲ ፍትሒ መዓር ዝመቀረ
ኣርዮስ ተኣለ ናብ ጓህሪ ከይተቐየረ..
ብህዝባዊ ማዕበል ዝሰንበዱ
እኒ ቀለታ ኪዳነ ንሽፍታ ቢኢዱ
ብብርዒ ብልስኖም ንኣርዮስ ዝሰግዱ
ተቃወምቲ መሰል እነዉ የዕበድብዱ..
ጠማቲኣ በዚሑ እዛ ዓዲ
ዓደይ ጠርናፊ እባ ውለዲ
ሐደ ጅግና ሕነ ህዝቢ ዝፈዲ...
ብዘረባ ዝተሳዕረ ጉሒላ መን ኣሎ
ለውጢ ንደለይቲ ፍትሒ ይጸበ ሎ
ንተቃውሞ ደንበና ኣይነቃልሎ

መድሕን ከኸውን ኣጀኻ ንበሎ..
ኣለዉ ጹሩይ ኣየር ዝብክሉ
መሳርሒ ናይ ክልተ ተኺሉ
ብተቃለስቲ መሰል ክይትታለሉ
ክንዲ ዘኾለስኩ ኢደይ ተነኸስኩ
ክይትህመሉ ክንዲ ዝመዓድኩ
ንጸረ ህዝቢ ኤርትራ ከተምልኹ
ንመዓዲኹም ክትዝልፉ ትልኣኹ..
ቅርጽ በሉ ንኤርትራ ጸላእታ
ኤርትራ ቀይሕ ባሕራ ቅናታ
ካብ ጥንቲ ፉሉጣት ደቀባታ..
ጭጉራፍ ወቒዓ ተእዊ




ወዲ ኣረጋዊ ኣይኮንካን ሃገራዊ
ኣብ ፓል ተሓቢኡ ዘሳውር ሐዊ
ወዲ ዑቁባዝጊ ክይመስለካ ጃጃዊ..
ሕጂ ውን ክደግመልካ ሐርነት
ክራጋገጽ ዩ ብሃገራዊያን ደቀባት
ብኤርትራዊያን ክቕንጠጥዩ ጸልማት..
ደቂ ኤረ ኣብ ነብስኹም ተኣማመኑ
ብተንቤናይ ክሳብ ማዓስ ክትባታተኑ
ኢሰያስ ማንኪ ከሻ ከም ትኪ ክበኑ..
ያኣክል ክብል ካብ ላዕሊ ንታሕቲ
ኣይጠቕመናንዩ ሕሹኽ ታሕቲ ታሕቲ
ንጉዳይና ባዕልና ብግሉጽነት ንዘቲ
ብዝቀልጠፈ ህግደፍ ክወድቕ ምእንቲ..
ብሕሹኽ ታሕቲ ታሕቲ ባይቶ ክይሰርሔ
ብሕሾኽ ታሕቲ ታሕቲ ብጀካ ዝተፈንጠሔ

ብሕሹኽ ጻብሒ ጻብሒ ህግደፍ ዩ ዝረብሖ
ሕሹኽ ያኣክል ንጥፍኣት ህዝቢ ካራ እንዳ በልሖ..
ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና